“ዋኒን ማሕበር ልምዓት ትግራይ ዋኒን ኩሉ ትግራዋይ እዩ”

ነባሪት ከተማ ኣክሱም

ማልት 12//2011

ንእስቲ ኣሰፉ ፍስሃ ትብሃል ቅድሚ ሸውዓተ ዓመት ብ2003 ዓ/ም ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣክሱም ብዘፈር ትምህርቲ ብሓለዋ ቕርስን ታሪክን ቐዳማይ ዲግሪ ረኺባ። ኣብዚ እዋን ኣብ ከተማ ኣክሱም እንዳቡን ከፊታ ቡን ብምሻጥ መነባብሮኣ ትመርሕ።



ኣብ መላእ ትግራይ ኣብ ዘለዋ ልዕሊ 3ሽሕ ዳስ ክፍልታት ልዕሊ 300 ሽሕ ህፃናት ተምሃሮ ኣብ ንፋስ፣ ቁርን ፀሓይን ምስ ጠበቕን ተመንን ካልኦት ነፍሳትን ኮይኖም ይምሃሩ ምህላዎም ሓበሬታ ካብ ዝረኸበትላ ዕለት ጀሚራ ከም መጠን ተወላዲት ትግራይ እዞም ዕሸላት ኣብ ምዕሩይ መምሃሪ ክፍሊ ኣትዮም ዝምሃሩሉ ዕድል ንምፍጣር ዓሊማ ትንቀሳቐስ ምህላዋ ኣዋጊዓትና።

ኣሰፉ ዳስ ደስዲሳ ቡን ኣፍሊሓ ኣብ ትሸጠላ ንእሽተይ ፅላል ንዝኣተወ ተገልጋሊኣ ፍሽኽታኣን ቡናን ተኣንጊዱ ዝወፀላ ጥራሕ እንተይኮነትስ ህፃናት ብዛዕባ ካብ ዳስ ናብ ክላስ ወፂኦም ዝምሃሩሉ ዕድል ንምፍጣርን ኣብ ገዛ ዝህሉ ወሊድ ኣዴታት ንምትራፍን ዝብሉ ዛዕባታት ኣልዒላ ክተዕልልን ንዚ ምላሽ ዝህብ ተግባር ክትፍፅምን ኢና ረኺብናያ።

ንእስቲ ኣሰፉ ንህፃናት ትግራይ ዘለዋ ሓልዮት ንምግላፅ ቅብሊት ደረሰይ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ብምሓዝ ዓማዊላ ብምእማን ክፍሊት እተኽፍል ዘላ መርኣያ ንእስቲ እያ። ዛጊድ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ካብ ክልልናን ካልኦት ክልላት ሃገርናን ቡና ክሰትዩላ ንዝመፁ 108 ዓማዊላ ብምእማን ዝኣከበቶ ልዕሊ 7,665 ብር ብምእካብ ናብ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣታዊ ገይራ ኣላ።

ካልእ ውፉይነት ንእሰቲ ኣሰፉ ብውልቃ 600 ብር ክፍሊት ኣባልነት ማልት ዝኸፈለት እንትትኸውን ቡና ኣፍሊሓ ካብ እትረኽቦ ኣታዊ ኣብ ወርሒ ናይ ዕለት 30 መዓልታዊ እቶታ ንማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣታዊ ንምግባር ብዝኣተወቶ ቃል መሰረት ትኸፍል ኣላ።

ማልት ኣብ ውሽጢ ሰለስት ዓመት ንዝፍፀሙ መደባት ንምዕዋት ዓሊማ ዘዳለወቶ ሜላ መተኣኻቢ እቶት ብምድጋፍ ንባዕላ ናብ 6831 OK ኢላ ብምልኣኽ ንካልኦት 150 ዓማዊላ ብምእማን ድማ ተመሳሳሊ ደገፍ ዘበርክትሉ ዕድል ዝፈጠረት ወናም ትግራወይቲ እያ።

በዚ ኣጋጣሚ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ንተበግሶ ንእስቲ ኣሰፉ ዘለና ክብርን ምስጋናን ዝለዓለ ምዃኑ እናገለፅና ካልኦት ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ትግራይ ‘ውን ኣሰራ ክትስዕቡ ንላቦ።

ልምዓት ዓዲ ብደቂ ዓዲ!

ማሕበር ልምዓት ትግራይ